C●VID-19

# መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ

ኣርትሮን

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

## ቅድሚ ምጅማርካ

- ነዚ ናይ መርመራ መሳርሒታት ኣብ ምቹእ/ማእከላይ ወይ ኣብ ሞንጎ 2ºሰግ - 30ºሰግ ዝኸውን ዓቐን ናይ ሙቐት ኣብ ዘለዎ ቦታ ዓቅቦ ( ኣብ ፍሪዘር ኣይትግበሮ፡ ካብ ናይ ቀጥታ ናይ ጸሓይ ብርሃን  እለዮ፡ ኣብ መኪና ኣይትግደፎ)።
- እንተ ፈሰሰካ ብቐሊሉ ከተጽርዮ ዘኽእለካ ጽሩይን ሰጥ ዝበለን (ካብ ዝብላዕን ዝስተን ኃሕመጥን ነጻ ዝኾነ) ቦታ ርኸብ ።
- ኣብ ግዜ መርመራ ኣይትብላዕ፡ ኣይትስተ፡ ኣይተትክኽ፡ ቬፕ ኣይትግበር፡ ኮንታክት ሌንስ ኣይትግበር፡ ሜክኣፕ ኣይትግበር ወይ ገጽካ ኣይትተንክፍ።
- እዚ መርመራ እዚ ንርእሰ-መርመራ ክትጥቀመሉ እዩ ተዳልዩ።
- ናይ ኣፍንጫ መድመይቲ እንተ’ልዩካ ነዚ መርመራ እዚ ኣይትጠቐም።

## ምንጬታት

ንዝያዳ ሓበሬታ ናይ ቅልጡፍ መርመራ ንምርካብ፡ ትርጉማት ናይዚ መምርሒን እቲ መርመራ ዝግበረሉ ኣገባብ ዝሕብሩ ቪድዮታትን ንምርካብ ነዚ ኪው ኣር ኮድ ወይ ነዚ ሊንክ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም: **bccdc.ca/covid19rapidtesting**



- 繁體中文
- 简体中文
- ਪੰਜਾਬੀ
- Việt Ngữ
- español
- ትግርኛ
- Français
- 한국어
- عربي
- فارسی
- 

## ናይ መርመራኻ ልክዕነት ምርዳእ

ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራታት ነቲ ኣንትጅን (ፕሮቲን) ናይቶም ኮቪድ-19 ዘስዕቡ ቫይረሳት እዮም ዘላልይዎ/ዝረኽብዎ። በቲ መመርመሪ ንኽርከብ/ክፍለጥ ዘኽእሎ እኹል ዓቐን ናይቲ ቫይረስ ንክህልዉኻ ብድሕሪ ምልካፍካ **ካብ 3 ክሳብ 7 መዓልትታት** ክወስድ ይኽእል እዩ። ኮቪድ-19 ዝሓመመ ሰብ ካብቲ ዝተለኸፈሉ ግዜ ኣዝዩ ቀልጢፉ መረምራ እንተ ጌሩ፡ እቲ ናይ መርመራ ውጽኢት ከም ነጋቲቭ (ኣሉታ) ክርኢ ይኽእል እዩ። እዚ ናይ ሓሶት ነጋቲቭ እዩ ዝበሃል።

ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ ናይ ሓንቲ ውስንቲ ህሞት (ግዜ) ውጽኢት ጥራሕ እዩ ዝህበካ። ነጋቲቭ  ውጽኢት ስለ ዝረኸበ ሓደ ሰብ ንኻልኦት ከም ዘይሕልፈሎም ርግጸኛታት ኣይገብረናን እዩ።  ኣብዚ ሓጺር ግዜ ንኮቪድ-19 ተቓሊዕካ እንተ ኔርካ፡ ሓንሳብ እቲ ብዝሒ ናይቶም ኣብ ኣካላትካ ዘለዉ ኣንቲጅን ብመርመራ ክርከቡ ኣብ ዝከኣሉ ዓቐን ምስ በጽሑ ፖዝቲቭ ውጽኢት ክህልወካ ይኽእል እዩ።

## መምርሒታት

**1** ፊጥ ብምባል ኣፍንጫኻ ኣጽሪ’ሞ ነቲ ሶፍቲ ጎሓፎ። ኣእዳውካ ብሳምና ተሓጸብ።





**2** ናይ መርመራ ናውቲ ኣክብ

- ኣርትሮን ናይ መርመራ መሳርሒ:
  - 1x ናይ መርመራ መሳርሒ
  - 1x ዝመኽነ ስዋብ
  - 1x ናይ መርመራ ትቦ (ዝተዓሸገ ፈሳሲ ዝሓዘ)
  - 1x ናይ መርመራ ትቦ መኽደኒ
  - 1x መቐመጢ ናይ መርመራ ትቦ (ዝተዋህበ እንተኾይኑ)

---

- መቑጸሪ ሰዓት (ታይመር)
- መትሓዚ ጎሓፍ
- ንእሽተይ ብኬሪ ወይ ኩባያ (ከም ምርጫኻ)







# COVID-19


## መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ

ኣርትሮን

**3** ነቲ መዐሸጊ ፎልዮ ካብቲ ናይ መርመራ ትቦ ቅለጦ።




**4** ነቲ ዝመልአ ናይ መርመራ ትቦ ኣብቲ ዝተዳለወ መቐመጢ ናይ መርመራ ትቦ ወይ ኣብ ጵሩይ ብኬሪ ወይ ኩባያ ኣቐምጦ።




**5** ካብ ኣፍንጫኻ እቲ መርኣዪ/ሳምፕል ውሰድ:


1. ነቲ ስዋብ ካብቲ መሸፈኒኡ ኣውጽኣዮ በቲ መትሓዚኡ ጎማ ጥራሕ ተንከፎ።
2. ርእስኻ ንድሕሪት ኣቕንን ኣብሎ።.
3. ነቲ ጡጥ ዘለዎ ጫፍ ናይቲ ስዋብ ኣብ ሓንቲ ከፋት ናይ ኣፍንጫኻ ትኽ ኣቢልካ ንድሕሪት (ንላዕሊ ዘይኮነ) ን1.5ሰሜ (3/4 ኢንች) ኣእትዎ።
4. መርኣዪ/ሳምፕል ካብ ናይ ኣፍንጫኻ ፈሳሲ ንምውሳድ ነቲ ስዋብ ናብቲ ውሽጢ ናይ ኣፍንጫኻ ኣጸግዓዮ። ኣፍኩስ ኣቢልካን ቀስ ኣቢልካ 5 ሳዕ ኣኹልሎ/ኣዙሮ።
5. በቲ ስዋብ እቲ ጌርካ ኣብታ ሓንቲ ከፋት ኣፍንጫኻ ደጊምካ ከምኡ ግበር።


እቲ ስዋብ ደም እንተ ተጸይቑ ንመረመራ ኣይትጠቐመሉ። ፊጥ ድሕሪ ምባልካ ሓድሽ ስዋብ ተጠቐም። ናይ ኣፍንጫ መድመይቲ እንተ ኔሩካ መርመራ ቅድሚ ምግባርካ ን24 ሰዓታት ተጸበ።





**6** ነቲ ጡጥ ዘለዎ ጫፍ ናይቲ ስዋብ ኣብቲ ናይ መርመራ ትቦ ኣፍኩስ ኣቢልካ ኣእትዎ:





1. ነቲ ጫፍ ናይቲ ስዋብ ኣብቲ መመርመሪ ፈሳሲ **ኣፍኩስ ኣቢልካን ቀስ ጌርካ** 10 ሳዕ ኣኹልሎ።
2. ነቲ ጎድኒ ናይቲ ትቦ እንዳ ጸቐጥካ ነቲ ፈሳሲ ኩሉ ካብቲ ስዋብ ንምውጻእ ጽሙቕ እንዳ ኣበልካ ኣውጽኣዮ። ነቲ ስዋብ ኣብ ጎሓፍ ኣእትዎ።
3. ነቲ ናይ መርመራ ትቦ ንኽትዕሽጎ ነቲ መኽደኒ ደፊእካ ኣግጥሞ።.


# COVID-19

## መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ

ኣርትሮን


BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

**7** ነቲ ናይ መርመራ መሳርሒ ከፊትካ ኣብ ሓደ ሰጥ ዝበለ (ከም ጣውላ ዓይነት) ቦታ ኣቐምጦ።





**8** ነቲ ናይ መርመራ ትቦ እቲ መኽደኒኡ ንታሕቲ ገጹ ከም ዝጥምት ብምግባር ልክዕ ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ መርመራ መሳርሒ ጌርካ ሓዞ። ናብታ ከባብ ናይታ ናይ መርመራ መሳርሒት 4 ንጣባት ቀስ ጌርካ ብምጽቃጥ ኣንጥበሉ።


ነቲ ናይ መርመራ ትቦ ናብታ ክቢ ኣይተተንክፎ።





**9** ሰዓትካ ን30 ደቓይቕ ድሕሪ ምምላእ ውጽኢትካ ረኣዮ። ኣብዚ ግዜዚ (እንዳ ተጸበኻ ከለኻ) ነቲ ናይ መርመራ መሳርሒ ኣይተንቀሳቕሶ። ድሕሪ 30 ደቓይቕ ዘሎ ናይ ውጽኢት ንባባት ልክዕ ከይከውን ይኽእል እዩ።.



**10** ኩሉ ዝተመርመርካሉ ናውቲ ናብ ጎሓፍ ኣእትዎ።



**11** ኣእዳውካ ተሓጸብ።




## ውጽኢትካ ብኸመይ ከም ተንብቦ

ኣየነይቲ መስመር እያ ኣቐዲማ ተረእያ ወይ እተን መስመራት ክሳብ ክንደይ ሃሲሰን ይረኣያ ኣለዋ ኣገዳሲ ኣይኮነን። እተን መስመራት ሮዛ ወይ ሊላ እየን ክኾና። ሰዓትካ ምስ መላእካያ ነቲ ናይ መርመራ መሳርሒ ተኸታተሎ። ናይ መርመራ ውጽኢት ንኽፍለጥ ክሳብ 30 ደቓይቕ ክወስደሉ ይኽእል ኣዩ። ፖዘቲቭ ውጽኢት ቀልጢፉ ክርአ/ክፍለጥ ይኽእል እዩ።

**ውጽኢትካ *ፖዝቲቭ* ይኹን *ነጋቲቭ* ብዘየገድስ ሕክምና ዘድልየካ ኮይኑ እንተ ተሰሚዑካ ናይ ሕክምና ረድኤት ሕተት።**

### ኣሉታ/*ነጋቲቭ* ውጽኢት

እታ መቆጻጸሪት (C) ኣብ ትብል ፊደል ዘላ መስመር ጥራሕ እያ ትቕልቀል/ትርአ





*ውጽኢትካ ኣሉታ/ነጋቲቭ እንተ ኾይኑ ኮቪድ-19 ኣይተራእየን ማለት እዩ። ኮቪድ-19 ክህልወካ ግን ጌና ተኽእሎ ኣሎ።*

*ምልክታት ናይ ሕማምካ ተመሓይሹ ደሓን ተሰሚዑካ ናብ ንቡር ንጥፈታትካ ክሳብ ትምለስ ርእሰ ግለላ ግበር። ብህዝባዊ ጥዕና ርእሰ ግለላ ንኽትገብር ተሓቢርካ እንተ ኮንካ፡ ነጋቲቭ ናይ መርመራ ውጽኢት እውን እንተልዩካ ርእሰ-ግለላ ምግባርካ ቀጽል።*

### ኣዎንታ/*ፖዝቲቭ* ውጽኢት

*ክልቲኤን እታ (C) ኣብ ትብል ፊደል ዘላ መቆጻጸሪት መስመርን እታ (T) ኣብ ትብል ናይ መርመራ መስመርን ይቕልቀላ/ ይረኣያ*





ኣዎንታ/*ፖዝቲቭ* ውጽኢት ማለት ኮቪድ-19 ዘለካ እዩ ዝመስል ማለት እዩ፡ ንኻልኦት እውን ከተሕልፈሎም ትኽእል ኢኻ።

ካብ ናይ መድሃኒት ሓገዝ ክትጥቀም ትኽእል ከይትኸውን ኣብዚ **gov.bc.ca/covidtreatments** ዝብል ሊንክ ተወከስ ወይ ናብዚ ቁጽሪ **1-888-268-4319** ደውል

*ርእሰ- ግለላ ክትገብር ከድልየካ እዩ። ብዛዕባ ዝቕጽል ስጉምትታታ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ እዚ* **bccdc.ca/ifyouhavecovid** *ርአ።*

### ዘይብቑዕ ውጽኢት

እታ መቆጻጸሪት (C) ኣብ ትብል ፊደል ዘላ መስመር ኣይተራእየትን




*ናይ መርመራ ውጽኢትካ ዘይብቑዕ እንተኾይኑ፡ ኩሉ እቲ ነዚ ቀዳማይ መርመራ ዝተጠቀምካሉ ናውቲ ጎሓፎ። ኣእዳውካ ድሕሪ ምሕጻብካ ነቲ ካልኣይ ቅያር ናውቲ ተጠቂምካ ነቲ መስርሕ ድገሞ። ነቲ ናይ መርመራ መምርሒ ደጊምካ ሰዓቦ።*

*ክልተ ግዜ ዘይብቑዕ ናይ መርመራ ውጽኢት እንተ ረኺብካ፡ ኣብ ናይ ኮቪድ-19 መመርመሪ ማእከል ብምኻድ ተመርመር። ናይ መርመራ ማእከል/ቦታ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ ርአ፡* **healthlinkbc.ca/covid19test**

ሓበሬታ ናይ ኮቪድ-19 ንምርካብ፡ ኣብዚ ተወከስ **bccdc.ca/covid19**